


# ስራሕ ኣብ ጀኔቫ

## ስራሕ ምስራሕ

ናብ ጀነቫ ሕጂ  ዝኣተኹም እሞ፡ ተጠቀምቲ ናይ'ቶም ብትካል ሆስፒስ ጀነራል ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ዲኹም? ብዛዕባ መንበሪ ቦታ ሕቶታት ኣለኩም ዶ?

እዚ ሰነድ እዚ ናይ'ዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ዝሓዘ እዩ።

1. ኣብ ስዊዘርላንድ መን ክሰርሕ ይኽእል?
2. ኣብ ቋንቋ ፈረንሳ ዘለና ደረጃ ምልክት ብቑዕ ዲዩ?
3. ኣበየናይ ዓይነት ስራሕ ክሰርሕ ይኽእል?
4. ስራሕ ንኽደሊ ብኸመይ እየ ክቀራረብ ዘለኒ?
5. ብኸመይ'የ ስራሕ ክደሊ ዘለኒ?
6. ንሓደ ዝወሃበኒ ናይ ስራሕ ዕድል ብኸመይ'የ ከመልክት ዘለኒ?
7. ሓደ ስራሕ ምስ ረኸብኩ፡  ናይ ጽሑፍ ውዕል ክገብር የድልየኒ ዶ?
8. ብኸመይ ኣገባብ እዩ ደሞዘይ ክኽፈለኒ?

## 1. ኣብ ስዊዘርላንድ መን ክሰርሕ ይኽእል?

እንተደኣ ቢ (B)፡ ኤፍ (F) ወይ ኤስ (S) ዓይነት ፍቓድ ዘለኩም ኮይንኩም፡ ካብ 18 ክሳብ 65 ዓመት ኣብ ዘሎ ዕድሜኹም፡ ኣብ ዝኾነ ቦታ ናይ ስዊዘርላንድን ኣብ ኩሎም ጽላታት ናይ ቁጠባን ክትሰርሑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ሕጋዊ ናይ ጥሮታ ዕድመ ምስኣተኻ እውን ኣብ ስራሕ ክትዋፈር ፍቑድ እዩ (መድሕን ናይ ብዕድመ ዝደፍኡን ውጻኣት መዓትን፡ ኤ.ቪ.ኤስ./AVS ብምውሃብ)።

ቢ (B) ወይ ኤፍ (F) ዓይነት ፍቓድ ዘለኩም ምስእትኹ፡ ኣስራሒኹም ኣብ'ዚ ዝስዕብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ብምእታው ቅጥዒ ክመልኣልኩም ከድልዮ እዩ፦ https://www.easygov.swiss/easygov/#/fr/refugee።

ኤስ (S) ዓይነት ፍቓድ ዘለኩም ምስእትኹ፡ ኣስራሒኹም ናብ ኣውራጃዊ ቤት ጽሕፈት ቆጸራ ህዝብን ፍልሰትን (ኦ.ሲ.ፒ.ኤም./OCPM) ዝለኣኽ መመልከቲ ቅጥዒ ናይ ፍቓድ ዕዮ ክመልኣልኩም ከድሊ እዩ።

እንተደኣ ኤን (N) ዓይነት ፍቓድ ዘለኩም ኮንኩም፡ ካብ'ታ ናብ ስዊዘርላንድ ዝኣተኹምላ ጀሚርኩም ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ኣብ ስዊዘርላንድ ስራሕ ክትጅምሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣስራሒኹም ናብ ኦ.ሲ.ፒ.ኤም. መመልከቲ ብምቕራብ ፍቓድ ዕዮ ንኽወሃበኩም ሕቶ ከቕርብ ከድሊ እዩ።

ንኻልኦት ዓይነት ፍቓዳት፡ ካብ ኣውራጃዊ ቤት ጽሕፈት ቆጸራ ህዝብን ፍልሰትን (ኦ.ሲ.ፒ.ኤም./OCPM) ሓበሬታ ክትደልዩ ኣገዳሲ እዩ።

## 2. ኣብ ቋንቋ ፈረንሳ ዘለና ደረጃ ምልከት ብቑዕ ዲዩ?

ስራሕ ምእንቲ ክትረኽቡን ሂወትኩም ኣብ ጀኔቫ ምእንቲ ከተወሃህድዋን፡ ብዝተኻእለኩም መጠን፡ ቅቡል ዝኾነ ደረጃ ቋንቋ ፈረንሳ ክትመልኩ ከድልየኩም እዩ። ኣብ ጀኔቫ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ወይ ኮርሳት ዝህባ ብዙሓት ማሕበራት ኣለዋ። ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ፦ ዋጋታትን ዝርዝራትን ናይ'ዞም ዝወሃቡ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ወይ ኮርሳት ይፈላለ እዩ።

## 3. ኣበየናይ ዓይነት ስራሕ ክሰርሕ ይኽእል?

ኣብ ጀኔቫ እቶም ቀንዲ ጽላታት ዝበሃሉ፡ ዘይንቀሳቐሱ ንብረት ወይ ገዛን መሬትን፡ መድሕን፡ ሆቴላትን ኣገልግሎት ቀረባትን ከምኡ ድማ ትካላት ክንክን ጥዕና፡ ናእሽቱ ሸቐጣት፡ ህንጻን መጓዓዝያን እዮም።

ሰምተር ደ ቢላን ጀኔቭ (Centre de Bilan Genève)፡ ነቶም ንስኻትኩም እትግደስሎምን ኣብ ጀኔቫ ዝርከቡን ሞያታት ኣብ ምርካብ ክሕግዘኩም እዩ። ስራሕ ክትደልዩ መታን ክሕግዘኩም፡ ዝተፈላለዩ ኮርሳትን ስልጠናታትን ክወሃበኩም እዩ።

## 4. ስራሕ ንኽደሊ ብኸመይ እየ ክቀራረብ ዘለኒ?

ኣብ ጀኔቫ ሞያዊ ናይ ምውህሃድ ስርዓት ወይ ኣገባብ ኣሎ። ኣብ ሞንጎ ምምሕዳር ከተማታት፡ the *Bureau de l'intégration des étrangers* (BIE) ከምኡ ድማ ቤት ጽሕፈት *pour l'orientation, la formation professionnelle et continue* ዘሎ ምትሕብባር ኣብ ምምእዛን ክሕግዘኩም እዩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ገለ ጠቓሚ ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም፦

- መርበብ ሓበሬታ ናይ ዋና ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ስነ-ቍጠባ፡ ስራሕ ደሊኹም እትገብርዎ ዝኾነ ነገር ዝርከቦ እዩ።
- መርበብ ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት *cantonal de l'emploi* and orentation.ch ብዛዕባ ምድላይ ስራሕ ንእሽቶ ምኽሪን ናይ ስራሕ ቃለ-መሕትትን እትረኽብሉ እዩ።
- *Cité des Métiers*፡ ኣብ ጀኔቫ ብዛዕባ ዝርከቡ ኩሎም ሞያታት ሓሳባት እትረኽብሉ መሐበሪ እዩ።

## 5. ብኸመይ'የ ስራሕ ክደሊ ዘለኒ?

ስራሕ ክትደልዩ ከሎኹም እቲ ዝበለጸ ዕድል መታን ኪጋጥመኩም፡ ብዝተኻእለኩም መጠን፡ ቀልጢፍኩም ኣብ'ቶም ምስ ናታትኩም ክእለት ወይ ሞያ ዝተሓሓዙ ዕድላት ስራሕ ከተተኩሩን ብርክት ዝበሉ መመልከቲታት ከተእትዉን ኣለውኩም። ብዝቐልጠፈ ግዜ ስራሕ ኣብ ምርካብ ዝሕግዛኹም ናይ ስራሕ ትካላት ወይ ኤጀንሲስታት ኣለዋ። ኣብ ጋዜጣታት ወይ ኣብ ኢንተርነት እውን ክፍት ናይ ስራሕ ቦታ ይርከብ እዩ።
ዋላ ናይ ስራሕ ዕድል ብጽሑፍ እንተዘይወጸኤ፡ ብዘይ ምቁራጽ ናይ ስራሕ ምልክታ ከተቕርቡ ኣለኩም። ስራሕ ትደልዩ ከምዘለኹም ነቶም ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ሰባት ክትሕብርዎም ተመራጺ እዩ፡ ምኽንያቱ ዝኾነ ናይ ስራሕ ዕድላት ምስ ዝሰምዑ ዘኪሮም ክሕብርኹም ስለዝኽእሉ።

ስራሕ ኣብ ምድላይ ክሕግዘኩም ዝኽእል ግብራዊ መምርሒ ክትረኽቡ'ውን ትኽእሉ ኢኹም፡ ንኣብነት፡ *"L'emploi à Genève, guide pratique pour les personnes migrantes"* ("ኣብ ጀኔቫ ምስራሕ፡ ግብራዊ መምርሒ ንስደተኛታት")፡ *"Guide pratique pour les femmes migrantes en recherche d'emploi"* ("ግብራዊ መምርሒ ስራሕ ስራሕ ንዝደልያ ስደተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ")።

## 6. ንሓደ ዝወሃበኒ ናይ ስራሕ ዕድል ብኸመይ'የ ከመልክት ዘለኒ?

ንሓደ ስራሕ ከተመልክቱ ከሎኹም፡ ገለ ሰነዳት የድልዩኹም እዮም። ዝበዝሑ ኣስራሕቲ እዞም ዝስዕቡ ከተቕርቡ ክሓቱኹም እዮም፦

- ሓጺር ተወሳኺ ሓበሬታ ዝሓዘ ደብዳበ
- ሓጺር ታሪኽ ተመኩሮ ስራሕ (CV)
- ቅዳሕ ናይ ዲፕሎማን ናይ ሰርቲፊኬትን ምስክር ወረቐትኩም
- ቅዳሕ ናይ ስራሕ ሰርቲፊኬትኩም

ኣቕሪብኩምዎ ዘለኹም ምልክታ ምስ'ቲ ስራሕ ዝዛመድ እንተደኣ ኮይኑ፡ እቲ ኣስራሒ ቃለ መሕትት ምእንቲ ክትገብሩ ተመሊሱ ክውክሰኩም እዩ።

ቅኑዕ ቁጽሪ ቴሌፎንኩምን ናይ ኢ-መይል ኣድራሻኹምን ከምዝሃብኩም ኣረጋግጹ፣ ከምኡ ድማ ድሕሪ'ቲ ናይ ስራሕ ምልክታ ምቕራብኩም፡ እቲ ኣስራሒ ክረኽበኩም ፈቲኑ ኣይፈተንን ከተረጋግጹ ኣለኩም።

## 7. ሓደ ስራሕ ምስ ረኸብኩ፡ ናይ ጽሑፍ ውዕል ክገብር የድልየኒ ዶ?

እወ፡ እንተደኣ ስራሕ ረኺብኩም፡ ንውሓት ናይ'ቲ ስራሕ ንኽንደይ ግዜ ዝኸይድ ምዃኑ፡ ክንደይ ዝኣክል ሰዓታት ክትሰርሑ ምዃንኩም፡ ደሞዝኩም፡ መሰል ዓመታዊ ዕረፍትኹም ዝገለጽ ናይ ጽሑፍ ዕውል ክትገብሩ ክትሓቱ ኣለኩም።

እዚ ውዕል እዚ፡ ምስ ኣስራሒኹም ኣብ እትብኣስሉ ወይ ኣብ እትጋራጨውሉ ኣጋጣሚ ዋሕስ ኮይኑ ክከላኸለልኩም እዩ።

## 8. ብኸመይ ኣገባብ እዩ ደሞዘይ ክኸፈለኒ?

ደሞዝኩም ብኣስራሒኹም ጌና ኣብ መወዳእታ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ወርሒ ዝበዝሕ ግዜ ናብ ናይ ባንክ ሕሳብ ቁጽርኹም ክኸፈለኩም እዩ። ኣብ ናይ ግዜያዊ ትካላ ወይ ኤጀንሲ ትሰርሑ እንተደኣ ሃሊኹም፡ ደሞዝኩም ኣብ መጀመርያ ናይ'ታ ትቕጽል ወርሒ ክኸፈለኩም እዩ።

ሓበሬታ፡ - ኣብ ትካል ሆስፒስ ጀነራል ሓገዝ ትረኽቡ እንተደኣ ኮንኩም፡ ናይ'ቲ ዝኸፈልኩምሉ ቅዳሕ ወረቐት ናብ ማሕበራዊ ሰራሕተኛኹም ክትልእኹ ኣለኩም።

ብዘይ ፍቓድ ምስራሕ፡ ሕጋዊ ስለዘይኮነ፡ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ምጥንቃቕ ከድልየኩም እዩ። እዚ ኣብ'ቲ ናይ ነባርነት ፍቓድ ንምርካብ ዘእተኹምዎ ምልክታ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ክህልዎ ይኽእል እዩ። ነቲ ዝተቐበልኩምዎ ዝኾነ ፋይናንሲያዊ ሓገዛት፡ ደጊምኩም ክትከፍልዎ እውን ትኽእሉ ኢኹም።